
# ህዝባዊ ኣኼባ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ብዓወት ተዛዚሙ!

ከም ወትሩ፡ ዕውት፡ ወጽኢታዊ፡ ኣዕጋቢ ህዝባዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ምቅናዕ፡ ኣብ ተመክሮ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ፡ ዳርጋ ፍርቂ ዘመን ዕድመን ተመክሮን ዝሓቖፈን ዘቑጸረን፡ ዓቢ፡ ዘይድፈር፡ ዘይንቕነቕ ቅርሲ ኮይኑ ዝጸንሐ ከም ምዃኑ ማጠን፤ እዚ ትማሊ ብዕለት 30 ማስከረም 2012፡ ኣብ ሽራቶን ሆቴል ኣርሊንግቶን፡ ዝተኻየደ ኣኼባ እውን፡ ከም'ቲ እተመደቦ ኮይኑ ብኣሳልጦ ከዛዘም ናይ ግድን'ዩ ኔሩ።

ብድሕሪ ሕጂ እውን እንተኾነ፡ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝሰጋገር፡ ብሉጽ ወርሻን ሓድግን ኮይኑ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ምስ መድርኻዊ ጠለባት እናደንፈዐ፡ ናህሩ ዓቂቡ ክቕጽል ምዃኑ ዝእምት፡ ሓደ ንቑሐን ወፍይን ጥርኑፍን ተካኢ ወለዶ መንእሰይ፡ ነታ ሽግ ሓቂ ጨቢጡ፡ ማኣዝኑ ኣለልዩ፡ ኣብ ጽቡቕን ትስፉውን ጉዕዞ እምርሽ ምህላዉ እዚ ናይ ትማሊ መደብ ኣድማቕዎ'ሎ።

ድሕሪ ስወኣት ምዝካር፡ መንእሰይ ሲሞን ሚርዮቲ፡ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ሰላምታ ኣቕሪቡ፡ መደብ ኣላልዩ ምስ ከፈቶ፡ ኣቦ ወንበር ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ መንእሰይ መኮንን ገብረሚርያም፡ ቃል ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተን፡ ኣብ ዓመት 2011-2012 ዝተሰላሰሉ ዕዉታት ስርሓትን ህዝባዊ ምንቅስቃሳት፡ ከመይ ከም ዝነበረ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።





ካብ'ዚ ብምቕጻል፡ ብማሳረት እቲ ማስርዓዊ ኣተሓሕዛ'ቲ መደብ፡ ኣቶ የማን ገብርኣብ፡ ኣማኻሪ ፕረሲደንትን፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባርን ንዲሞክራስን ፍትሕን፡ ካብ ከተማ ኒው-ዮርክ፡ ብቀጥታዊ መራኸቢ ናይ ቪድዮ ማስመር ተሰንዩ፡ ምስ ህዝቢ ገጽ-ንገጽ እናተራኣኣየ፡ ብዘዕባ ዘሎ ህልዊ ኩነታት ምጽባሌ ሃገር ብሩህ ለወጥታትን፡ ኣብ ቁጠባዊ ጽላት ተዋህሊሉ ዘሎ ዘተኣማምን ደርማስ ዕብየት፡ ናብ ዝለዐለ (ብዝኾነ ይኹን ማገዲ ዘይዕገት) መደያይቦ ዘሰጋግር ትሕተ ባይታ ተጻሪጉ፡ ብኡ ማሳረት ድማ፡ ምጽሩይ ኣገባብን ኣካይዳን፡ ተሞሪሑ ንዘላቒ ራህዋ ዘረጋግጽ፡ ዜጋታት፡ ኣብ ወሽን ወጻእን፡ በቢዓቕሞም ርእሰ-ማሎም ዘወፍሩሉ፡ ባይታ ድማ ክተኣታቶ በሪ ተኸፊቱ ምህላዉ ኣነጺሩ። ምምጽባልን ምምልማልን ዓቅሚ ሰብ ኣብ ዘርኢ ስርሓት፡ ዝሰፍሐን ብዝዓበየን፡ ዘተኣማምን ነባሪ ዕብየትን ብልጽግና ንምርግጋጽ፡ ቐንዲ ዓንዲ ሕቖ ምዃኑ ካብ ምግንዛብ፡ መንግስትና ብከቢድ ወጻኢታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ዕማማት ሎሚ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃኡ ከም ዝበጽሐ፤ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓሳት እውን፡ መንግስትን ህዝብን ከካይድዎ ዝጸንሑ ሓያል መኸተ፡ ነቲ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ንኸንጸል፡ ክእለማ ክሕንከሩን ዝጸንሑ ከበባታት ፈናጢዙና ዝወጻናሉ፡ ብኣንጻሩ፡ እቲ ሓቀኛ ምስልናን መንነትናን እናደመቐን፡ ፍትሒ ዝነግሰሉ እዋን ርሑቕ ከም ዘይኮነ፡ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ኣብ ዝተፈላለየ

ዓወደ ጽላት ምኽባለ፡ ተታሒዞም ዘለዉ መደባት..ምምሕያሽ ማሕበራዊ ህዝብና፡ ጉዳይ ማንበሪ ኣባይቲ፡ ቀረብ ኤለክትሪክን ማይን ተሌፎን ጽዐትን ወዘተ..ዓቢ መደባት ክትገበሩን፡ ክትግበሩ እተጀመሩን ስርሓት ከም ዘለው፡ ንጹርን ኣጽጋቢ ዝኾነ መብርሂ ሂቡ። ካብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ኣገደስቲ ሕቶታት እውን ኣዕጋቢ መልስታት ሂብሉ።

እቲ ስዒቡ ተሰሪዑ ዝነበረ መደብ፡ ሰሜናር ኮይኑ፡ ብናይ ስነ-ዕዳጋ (Marketing) ምሁር ዶክቶር በርሀ ሃብተገርጊስ ዝተዳለወ ኣስተምህሮ፡ ብዛዕባ "ኣድማዒ ተሳትፎ ወፍሪ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት" ዝብል ኣርእስቲ ዝቐንዐ ኮይኑ፡ ዶክቶር በርሀ፡ ብቐልል ዝበለን ንጹርን ኣቀራርባ ንተሳተፍቲ፡ ወፍሪ ክብሃል ከሎ እንታይ ምኳኑን፡ ከተወፍር ዘድልየካ ቅድመ-ምድላዋትን፡ ኣድላይነት ጽጹይ






መጽናዕትታትን እንታይ-እንታይ ምኳኖም ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ብኡ ማስረት ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ንዘሎ ጥጡሕ ባይታ፡ ናይ ወፍሪ ዕድላትን፡ ንኹሉ ዜጋ ብዘርብሕ "ዘሀብትም" ዝበሎ፡ ብንጹር ትንተናን እተሰነየ፡ ምምስራት ወልቀ ዋኒን፡ ብእኩብ ብሓባር ዝእለ፡ ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪን ንምምስራትን ምቛምን ዘሎ ኣኻእሎን፡ ድሮ ቆይሞም ኣብ ዘለው፡ ኣርባሕቲ ናይ ኣገልግሎት ትካላት ድማ፡ ብርክታትን ምግዛእ፡ እዋኑ ከም ዝኣኸለ፡ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ሂቡ፡፡ ሕቶታት ተሳተፍቲ እውን ብምቕሉል ሕውነታዊ መንፈስ መልስታት ሂቢሉ።

ነዚ ህዝባዊ መደብ ዝያዳ ዘሃብተሙ ካልኦት ኣገደስቲ ቁም-ነገራት እውን፡ ብክልተ ኣባላት ሕድርን መንእሰያት ህግደፍን ዝቐረበ መግለጺ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሓምለ 2012፡ ኣብ ሳዋ ዝተጻንበለ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝወሓዙ፡ ኤርትራውያንን፤ ማሓዙት ኤርትራውያንን መንእሰያት ጎረባብቲ ሃገራትን (ኣህጉር ኣፍሪቃን ዓለምን) ዘሜረግዎ ፈስቲቫል፡ ካብ'ቲ ዑደተን ዝቀሰምኦ ትምህርትን ተሞክሮን ንተሳተፍቲ ብዝምስጥ ኣቀራርባ፡ ኣካፊለን።



ብምቅጻል ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ተማሃሮ፡ ዘበናዊ ድጂታላዊ ቤተ-ንባብ ክትኣታቶን ክምክረትን፡ ኩሉ ኤርትራዊ ተማሃራይ ሜሕረ ዕድላት፡ ብሉጽ ፍልጠት፡ ከቕስም ዘኽእል ስርዓተ ሓበሬታ ምትእትታው፡ ካብ ዝብል መንፈስን ሚዳእታን ብምብጋስ፤ ኤሪ-ሪደርስ ብዝብል ፕሮጀክት (ERI-READERS) ብኣብ ወጻኢ ተወሊዶም፡ ኣብ ብሉጽ ኮለጃት ተማሂሮም ዝተዓወቱ መንእሰያት፡ ነቲ ንሳቶም ዝረኸብዎ ኣርባሒ ዕድል፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር ዘለዉ ኣሕዋቶም ተማሃሮ ንከርብሑ፡ ብዓቕሞም ኣበርክቶ ክገብሩ ተበጊሶም ምህላዎም፡ ነቲ ፕሮጀክት ዝምልከት፡ ህዝቢ፡ ኣብ'ዚ ቅዱስ ዕላማ ተሳትፍኡ ከዕዝዝ፡ ኣተሓሒዞ እቲ ፕሮጀክት ዝምልከት መብርሂ ኣቕሪቦም፡ ሽዑ ንሽዑ እወን፡ ከም ግብረ መልሲ፡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ነዚ ዘተባብዕ ብሩህ ፕሮጀክት ዕውት ንክኸውን ተበግሶታት ክወስዱ ተራእዩ ኣሎ።






ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ መኸተና ንምሕያል፡ ንዝጽበዩና ብድሆታት፡ ጠቓሚ ዝኾነ፡ ክግበሩ ዘለዎም ዝተፈላለየ ምኽርን ሓሳባትን ኣፍሲሱ፡ መደብና ኣብ ሰዓቱ ብወዓት ተዛዚሙ።

## <u>ተወሳኺ ነጥቢ፡</u>
## ኣብ'ዘይ መንጠቢትክን ኣይተእትዋ ኢድክን!

ምስ'ዚ ኹሉ ክጥቀስ ዝጸንሐ፡ ዓብን ኣገዳስን ምትእኽኻብ ሃገራዊ ጉዳይ፡ ናይ'ቲ እኩብ ህዝቢ ዓቃል ባህርያትን፡ ነቲ ብዛዕባ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕርን፡ ምስ ሜሪሕቱ ዘለዎ ጽኑዕ፡ ካብ ነዊሕን ንነዊሕን ዓሙታት ክኸይድ ዝጸንሐ ዘሎ፡ ብቓልስን ማስዋእትን ዝተረጋገጸ፡ ጽኑዕ ዘየዋላወል፡ ታሪኻዊ ምትእስሳርን ዝምድናን፡ ዘይፈልጡ ምስጢሩን ዕምቆቱን፡ ዘይተረድኡ፡ እንዶ ዘይብሎም፡ ሓደ-ሓደ ኣብ ኣዋሳን ደብረ-ዘይትን ሽረ እንዳስላሰን ከተማታት ኢትዮጵያ፡ በቢእዋኑ ካብ ወጻኢ ሃገራት እናተማላለሱ፡ ብካድረታት ወያነ ናይ ጸይቂ ስልጠናታት ክዕለሙ ዝጸንሑ፡ ወይ ከኣ ኣብ ዘዘለወዎ ኲዮናም፡ ብማሮሒታቶም እናተኣልዩን ዝለኣኣኹን፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ንምንቅስቓሳቱ፡ ንክገብሮ ዝጸንሐን ዘሎን፡ ኣኼባታትን መደባትን፡ ንምዝራግ ዘወጽእዎ ወጥናት፡ ንከተግብሩ ዝተዋፈሩ፤ ኣብ ዘይፈልጥዎ ህዝቢ፡ ደንባር ድንቁርናዊ ስርሓት ክፍጽሙ ኣብ'ዚ ናይ ትማሊ ኣኼብ፡ ጀሚሮ ፈተነታት ተራእዩ። ብኣኼበርቲ ጸጥታ እንኩር-እንኩሪት ተቐርፊዶም ድማ፡ ብሕፍረትን ወርደትን ካብ ኣዳራሽ በቢሓደ ተመዛሒቖም ከም ዝባረሩ ተጌሩ።

እዚ ጽላለን ደረትካ ዘይምፍላጥን፡ ዘበገሶ ህንጠይ ሽፍትነታዊ ተግባር፡ ካብ መጻሕፍቲ ድንቁርና ወያነ፡ እተማህርዎ ክልሰ-ሓሳባዊ ዘዕነኒ ፍልጥት፡ ሳዓቤኑ ከይተገንዘ፤ ኣብ ኣሜካ ብግብሪ ክፍትኑ ምህንዳድ፡ ነቲ "ሓሳብካ ምግላጽን ተቓውሞ ምርኣይን ማሰል ኣሎ" ዝብል ቅዋማዊ ጥቅሲ፡ ብግጉይ፡ ንበይኑ ጫፉ ብምሓዝ ጥራይ፡ ዶብን ደትን ናይ'ቲ ኣምር ብግቡእ ከይመርመርካ፡ ላህመታዊ ሚዳእታ ሒዝካ፡ ኣብ ዘይወራይካ ወጠምጠም ምባል፡ ሳዓቤኑ ከቢድ ምዃኑ፡ እዚ ናይ ትማሊ ፍጻመ መባእታዊ ማምህር ክኾኖም፡ ክእረሙ፡ ናብ'ቲ ንክኹብልሉ ዝደረኾም፡ ምምሕያሽ ናብርኦም፡ ንጥልመት ዝደፋፍአ ጠንቂ፡ ዘምጽኦም ወራይ ጥራይ እንተዘቘምቱ ድማ ዝበለጸ ምኾነ። ነቲ ዝጠለምዎን ዝኸሓድዎን ህዝቢ፡ እቕረ ክብሉ፡ ዝኸሕስሉ ተበግሶ ክወስዱ ንምፅዶም፡፡ ደጊም ምስ ዝሞተ ዋና ጥልመት ኣይምውትን እዩ እሞ፡ ገዛኸም ምእታው ይሕሸኩም ንብሎም። እተን ዝወለዳ ኣደታት ድማ ቅሳነት ምእንቲ ክረኽባ። ኤርትራዊ ደም እንተሃልይዎም?

ዓወት ንሓፋሽ!
ዓወት ነቲ ስሚርን ጥሚርን መኸተ ህዝቢ፡
ናጽነት ኤርትራና ንዘልኣለም ይንበር።
ክፍሊ ዜና፡ ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶን ከባቢኣን፡